
# ገበናት ስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ
# ብምኽንያት ዝኽሪ 50 ዓመት - ህልቂት ኣስመራ


=15=

ሠ. " ዓሣ ያለ ውሃ ሸፍታ ያለ ሕዝብ ድጋፍ ሊኖር አይችልም "
እንደ ተባለው በዋና ዋና ከተማ ውስጥ ያሉት ወንበዴዎችን በበኩር
የሚደገፉቸውን ማጥፋት ነው። እነዚህንም ለማስፈጸም ጋዜጠ —
ሥልጣን — በርቱ የሆነ የመረጃ ቁጥጥር ያስፈልጋል።

ግርማዊ ሆይ

## (3ይ ክፋል)

ስርዓት ሃይለስላሰ፡ ነቲ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝነበረ ፌደረሽን ኣፍሪሱ፡ ንኤርትራ ኣካል ግዝኣቱ ክገብራ ኣብ ዝቀራረበሉ ዝነበረ እዋን፡ ምፍራስ ፌደረሽን፡ ብድሌት ህዝቢ ኤርትራ ከምእተፈጸመ ንምምሳል፡ ዕግርግር ኣብ ዘይብሉ ርጉእ ፖለቲካዊ ሃዋህው ክፍጸመሉ'ዩ ዝደሊ ነይሩ። ነቲ ዕጥቃዊ ተቓውሞ ገና ብውልዶኡ ንምቁጻይ ከኣ፡ ንጡፍ ወተሃደራዊ ምንቅስቓስ ኣብ ርእሲ ምክያድ፡ ኣብ ልዕሊ'ቶም ደቆም ናብ ቃልሲ ዝተጸንበሩ ስድራቤታት ኮነ 'ንተጋደልቲ ይድግፉ እዮም' ኢሎም ዝጠርጠርዎም ዜጋታት ዝተፈላለየ ስጉምቲታት ይወስዱ ነበሩ። ይኹን'ምበር፡ በዚ ናይ ሓይሊን ምፍርራሕን ስጉምቲታት'ዚ ነቲ ሓንሳብ ዝተወልዐ ባርዕ ሰውራ ከቕህምዎ ኣይከኣሉን። እኳ ድኣ እናጉሃረ ይኸይድ ብምንባሩ ንሻቕሎት ሰበልስጣን ኢትዮጵያ መመሊሱ የዕርጎ ነበረ።

እዚ ስግኣት'ዚ ኣብቲ ንጉስ ሃይለስላሰ ብ27 ሰነ 1962፡ ኣብ ኣሰመራ፡ ላዕለዎት ሰበስልጣን መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣመሓደርቲ፡ ታሕተዎት ሓለፍቲ ትካላት መንግስቲ፡ ሓለፍቲ ፖሊስን ሰራዊትን፡ መራሕቲ ሃይማኖትን ቀቢላታትን ዓበይቲ ዓዲን፡ ኣብ ዝተረኽብሉ ኣኼባ ዘሰምዖ መደረ፡ ብሽምዚ ዝስዕብ ቃና ኣንጸባሪቕዎ።

*"...ህዝቢ ኤርትራ ንናጽነቱ ብግብሪ ዝተቓለሰ ህዝቢ እዩ። ጸላኢ ንኢትዮጵያ ኣብ ዝወረረሉ ግዜ ብዙሓት ኤርትራውያን፡ ካብ ጣልያን*

*ሃዲሞም ኣብ ጎንና ኮይኖም ንሸውዓተ ዓመታት (1935-1941) ምስ ጀጋኑ ኢትዮጵያውያን ኣሕዋቶም ኣንጻር ጸላኢ እናተዋግኡ፣ ኢትዮጵያውነቶም ኣመስኪሮም እዮም። . . ኤርትራ ናብ ኣዲኣ ኢትዮጵያ ክትምለስ ኣብ ዝተኻየደ ጻዕሪ እውን፡ ኢትዮጵያውነት ናይ ኤርትራ ኣብ ቅድሚ ው.ሕ.ሃ. ብምንጽብራቕ ዓቢ ተራ ተጻዊቶም. . . እዚ ዘኹርዕ ተግባር ሕጂ እውን ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ኤርትራ ከምዘሎ እኣምን እየ። እንተኾነ ኣዝዮም ብቑጽሪ ውሑዳት ዝኾኑ ዕሱባትን ናይ ደገ ልኡኻትን ኣብ ውሽጥና ኣለው...እቲ ኩነታት ካብ ሎሚ ጽባሕ ክመሓየሽ'ዩ እናበልና ዓቕሊ ገይርና ክንጸበ ጸኒሕና...እቲ ዘሕዝን ንስርቅን ዝሞታን ናይዞም ኣሸበርቲ ገለ ወጻእተኛታት ፖለቲካዊ መልክዕ ክሀብዎ ይፍትኑ ምህላዎም እዩ።"*

ሰበስልጣን ኢትዮጵያ ዕጥቃዊ ተቓውሞ ህዝቢ ኤርትራ ከሎ ገና ንምቑጻይ ተሃንዲዶም ዘካየድዎ ወተሃደራዊ ወፍርታትን ዳህሳሳትን፡ ህዝቢ ምስ ተጋደልቲ ከይተሓባበር ዘካየድዎ ታህዲድ፡ ምጉባዕባዕን ምፍርራሕን ውጽኢት እኳ እንተዘይተረኸቦ፡ ብዘይካ በቲ ሒዞሞ ዝነበሩ ኣንፈት፡ ካብ ሕጋዊ ኣገባባት ወጻኢ ብሓይሊ ፌደረሽን ኣፍሪስካ ንኤርትራ ምጉባጥ ካልእ ኣማራጺ ይርአዮም ኣይነበረን።

ድሕሪ ክልተ ሰሙን ናይቲ ሃጻይ ሃይለስለሰ ኣብ ኣስመራ ዘካየዶ ኣኼባ፡ እንደራሴ ንጉስ ሃይለስላሰ ኣብ ኤርትራ ዝነበረ ሌትናንት ጀነራል ኣቢይ ኣበበን መራሒ መንግስቲ ኤርትራ ኣስፍሃ ወልደሚካኤልን ካልኦት ሓያሎ ሰበስልጣንን ደገፍ ህዝቢ ንምርካብ፡ ኣብቲ ሰውራ ክንቀሳቐስሉ ዝጀመረ ምዕራባዊ መታሕት ኣኼባታት ንምክያድ ተንቀሳቐሱ። ብ12 ሓምለ 1962 ኣብ ኣቑርደት ኣኼባ እናካየዱ እንከለው ድማ፡ ተጋደልቲ ክልተ ናይ ኢድ ቦምባታት ተኮሱሎም። በዚ መጥቃዕቲ'ዚ ሚኒስተር ሕጊን ፍትሒን ፌደራላዊ መንግስቲ ኤርትራ ዑመር ሙሓመድ ሓሰኖ ዘርከብዎም ሸሞንተ ሰባት ክሞቱ እንከለው፡ ጀነራል ኣቢይ ኣበበ ዝርከቦም 31 ሰባት ቆሰሉ። እዚ ፍጻመ'ዚ ንሰበልጣን ኢትዮጵያ ኣዝዩ ዘሰንበደን ዘሸበረን ክስተት ነበረ።

ቀቅድሚ ፌደረሽን ዝነበረ ፖለቲካዊን ወተሃደራዊን ሃዋህው እምበኣር ከምዚ ኣቐዲሙ ብሕጽር ዝብለ ዝተገልጸ እዩ። መራሕ መንግስቲ ኤርትራ ኣስፍሃ

ወልደሚካኤል፡ ብ14 ሕዳር 1962 ናይ መወዳእታ ውሳነ ምፍራስ ፌደረሽን ንኣባላት ባይቶ ኤርትራ ከፍልጥ ኣብ ኣስመራ ኣኼባ ኣብ ዝዓደመሉ፡ ኣብቲ ኣኼባ ዝተረኽቡ ኣባላት ፓርላማ ይኹኑ፡ ህዝቢ ኣስመራ ተቓውሞኡ ከይስምዕ ስግኣት ስለዝነበረ፡ ብዙሕ ምድላዋት'ዩ ተገይሩሉ። ኣደራሽ ባይቶ ኤርትራ ኣቐዲሙ ብወተሃደራት ከምዝኽበብ ብምግባር ድማ፡ እቲ ኣኼባ ንክብረት ናይቶም ወከልቲ ህዝቢን መላእ ህዝቢ ኤርትራን ብዘሕስር ርኡይ ናይ ዓመጽ ኣገባብ'ዩ ተፈጺሙ።

ከምዚ ኢሉ ሃጸይ ሃይለ ስላሰ ነቲ ነዊሕ ዝወጠኖ ንኤርትራ ናይ ምጉባጥ ዕላማ፡ ሰፊሕ ሰላማዊን ዕጥቃዊን ተቓውሞ ኣብ ዝተጎሃሃረሉ፡ ዘይምቹእ ፖለቲካዊን ወተሃደራዊን ኩነታት ኣተግበሮ። እዚ ቅሉዕ ዓመጽ ድማ ኣብቲ ድሮ ዝተወልዐ ቁልዒ ሰውራ፡ ነዳዲ ምኽስካስ ነበረ።

ድሕሪ ምፍራስ ፌደረሽን ወተሃደራዊ ስርሒታት ሰውራ ዝያዳ ተበራትዐ። ተጋደልቲ፡ ቁጽሮም እናበዝሐ ስለዝኸደ፡ ኣብ ርሑቕ ከባቢታት ተደኲኖም ዝነበረ ነቑጣታት ሓለዋ ብዝተጸንዐ መገዲ ናይ ምጥቃዕን ቃፍላያት ናይ ምዕጋትን ስርሒታቶም ኣነጣጠፉ። በዚ ኩነታት'ዚ ስርዓት ሃይለስላሰ ንኤርትራ ቀሲኑ ክገዝኣ ከምዘይክእል ምስ ተገንዘበ፡ እንጽርጽሮት ናይቲ ኣብ ልዕሊ ወተሃደራቱ ዝፍጸም ዝነበረ መጥቃዕቲ፡ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ከውርዶ ጀመረ። ንኣብነት ሓደ ምስጢራዊ ሰነድ መንግስቲ ኢትዮጵያ “ዓሳ ብዘይ ማይ ሽፍታ ብዘይ ደገፍ ህዝቢ ክነብር ኣይክእልን” ድሕሪ ምባል፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ምስ ተጋደልቲ ዝተሓባበር ህዝቢ ስጉምቲታት ክውሰድ ይሕብር።

## ፖሊሲ ገረብ ብሓኽላ

ሰውራ ኤርትራ፡ ካብ ዝጀምር ኣብ ውሽጢ'ተን ቀዳሞት ክልተ ዓመታት ማለት ክሳብ መወዳእታ 1963 ኣብ ሃድን ተጋደልቲ ተዋፊሮም ዝነበሩ ሓይልታት ፖሊስን ፊልድፎርስን እዮም። እዚ ሓይሊ'ዚ ነቶም ብቑጽሪ ውሑዳት ተጋደልቲ ሓሓሊፉ ጉድኣት የውርደሎም እኳ እንተነበረ፡ ከዳኽሞም ግን ኣይከኣለን። በዚ ድማ፡ ሰራዊት ኢትዮጵያ ሓገዙ ከወፊ ኣብ ዝተፋላለየ ከባቢታት ክንቀሳቐስ ጀመረ። ምዱብ ሰራዊት ኢትዮጵያ (ጦር ሰራዊት) ንመጀመርታ ግዜ ምስ ተጋደልቲ ውግእ ዝገጠመሉ፡ ኣብ መጋቢት 1964 ኣብ “ተጎርባ” ባርካ ኣብ ዝተኻየደ ውግእ'ዩ። ካብቲ እዋን'ቲ ጀሚሩ፡ ጦር ሰራዊት ንዳህሳስን ሃድንን

ተጋደልቲ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ብብዝሒ ይንቀሳቐስ እኳ እንተነበረ፡ ካብቲ ናይ ፖሊስን ፊድልፎርስን ሃድን ዝተፈልየ ውጽኢት ከምጽእ ግን ኣይከኣለን።




ድሕሪ'ዚ ስርዓት ሃይለስላሰ፡ ሰውራ ኤርትራ ንምጥፋእ ካልእ ሜላ ኣብ ምህንዳስ ኣተወ። እቲ ሜላ "ገረብ ብሓኽላ" ነበረ። ኣብቲ ፈለማ ዓመታት ብረታዊ ቃልሲ፡ ስርዓት ሃይለስላሰ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ከፋፊሉ ንምግዛእ፡ ሰውራ ኤርትራ ብኣዕራብ ከም ዝድገፍ ጸረ ክርስትያን ምንቅስቓስ ኣምሲሉ ብምግላጽ፡ ንኤርትራውያን እስላም ከም ጸረ-ክርስትያናዊት ኢትዮጵያ፡ ብኣንጻሩ ንኤርትራውያን ክርስትያን ከም ፈተውቲ ኢትዮጵያ ዘምስል ዘመተታት ብምክያድ ግፍዓዊ ተግባራቱ ዝያዳ ናብ እስላም ዝቐንዐ ነበረ። በዚ ድማ ካብ ክርስትያን ደቂ ከበሳ፡ ብኣካላዊ ብቕዓቶም ዝተመርጹ መንእሰያት ብጸረ-ደባይ ኲናት ብምስልጣን፡ ንተጋደልቲ ኣብ ዝኣተውዎ እናኣተወ ዝድምስስ ሓይሊ ክቐውም ወሰነ። ዕላማ ምቛም ናይዚ ኮማንድስ ዝተሰምየ ሓይሊ'ዚ፡-

1) ነቲ ኣንጻር መግዛእቲ ዝተላዕለ ቃልሲ ሃይማኖታዊ መልክዕ ንምልባስ፡
2) ሃገራዊ ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ንምብትታን፡
3) ነቲ ኲናት ናብ ኲናት ሓድሕድ እስላምን ክርስትያንን ኤርትራውያን ምልዋጥ ነበረ።

በዚ ዕላማ'ዚ፡ ሓይሊ ኮማንድስ ብቐንዱ ብኣመንቲ ክርስትና ክቐውም ተወሰነ። ስርዓት ሃይለስላሰ፡ እቶም ኣብ ከተማታት ዝቕመጡ ክርስትያን እውን እንተኾነ፡ ድሮ ኣንጻር ኢትዮጵያ ዝነበሮም ስምዒት ብዝተፈላለየ መገዲታት የግህድዎ

ስለዝነበሩ፡ እቶም ዝምልመሉ፡ ብዙሕ ቀለማዊ ትምህርቲን ፖለቲካዊ ኣፍልጦን ዘይብሎም፡ መንእሰያት ደቂ ርሑቕ ገጠር ክኾኑ'ዩ መሪጹ። ብእስራኤላውያን ክኢላታት ድማ፡ ብፍሉይ ስልቲ ጸረ-ደባይ ኲናት ከምዝስልጥኑ ገበረ። 300 ወተሃደራት ዝሓዘ ቀዳማይ ዙርያ ሓይሊ ኮማንድስ፡ ብ3 መስከረም 1964 ክምረቕ እንከሎ፡ ብድሕሪኡ እቲ ታዕሊም ብዙርያታት እናቐጸለ እዚ ጸረ-ደባይ ሓይሊ'ዚ፡ ኣብ መፋርቕ 70ታት ብዝሒ ልዕሊ 2500 በጺሑ ምንባሩ ጸብጻባት የመልክቱ።

*(እዞም ኤርትራውያን ኮማንድስ፡ ምስ ግዜ ውዲት ስርዓት ኢትዮጵያ ስለዝተጋህደሎም፡ ብፍላይ ኣብ መፋርቕ 70ታት ንስርዓት ኢትዮጵያ እናራሕርሑ ንሓይሊ ሰውራ ብምድልዳል፡ መስዋእቲ ከፊሎም ዝፈጸምዎ በደል ብግብሪ ዝኸሓሱ ምዃኖም ክፍለጥ ይግባእ።)*

ኣብ እዋን ታዕሊምን ካልእ ኣስተምህሮን ኣኼባታትን ኣብ ልዕሊ እዞም ኤርትራውያን መንእሰያት ኮማንዶ ዝካየድ ዝነበረ ፖለቲካዊ ጎስጓስ፡ ሽፋቱ መጋበርያ ሃገራት ዓረብን እስላምን ምዃኖም፡ ዕላማኦም ድማ ንኤርትራ ካብ ኢትዮጵያ ነጺልካ፡ ክርስትያን ዘይብላ እስላማዊት ሃገር ምቛም ምዃኑ ዝገልጽ ነበረ። ብሓፈሻ እቲ ጎስጓስ፡ እቶም ወተሃደራት ኣብ ልዕሊ ተጋደልቲ ክቱር ጽልኢን ቅርሕንቲን ከምዝሓድሮም ዝገብር ነበረ።

ነዚ መንፈስ'ዚ ሰኒቑ ዝመጸ ሓይሊ ኮማንድስ ኣብ መጨረሽታ 1964 ተጋደልቲ ንምድምሳስ ብዙሕ ወፍሪታት ከካይድ ጀመረ። እዚ ሓይሊ'ዚ ካብቶም ቅድሚኡ ወፍሪታት ዘካይዱ ዝነበሩ ሓይልታት ፖሊስ፡ ፊልድፎርስን ጦር-ሰራዊትን ናይ ውግእ ብቕዓቱ ኣዝዩ ጸብለል ዝበለ ነበረ። ተጋደልቲ ኣብ ዝተንቀሳቐስዎ ቦታታት እናስዓበ፡ ነቲ ሰውራ ምሉእ ብምሉእ ክድምስስ ከኣ፡ ብኹሉ መኣዝናት ተንቀሳቐሰ። ኣብቲ እዋን'ቲ ሓይሊ ኮማንድስ ብወፍሪታት ዘይበጽሖን ዘይዳህሰሶን ርሑቕ ከባቢታት ኤርትራ ዳርጋ ኣይነበረን። ክሳብ ናብ ኣኸራናት ሰሜናዊ ሳሕል ከይተረፈ እናተንቀሳቐሰ፡ ኣብ ገለ ውግኣት ዘጋጥሞ ዝነበረ ክብድ ዝበለ ክሳራታት ብዘየገድስ፡ ኣንጻር ተጋደልቲ ብልዑል ስምዒትን ቆራጽነትን ይዋጋእ ነበረ። ይኹን'ምበር ሓይሊ ኮማንድስ ብመጠን ህንዳደኡን ዘካይዶ ዝነበረ ሰፊሕ ዳህሳስን፡ ንተጋደልቲ ከዳኽም ኣይከኣለን። እኳ ድኣ፡ ናብ ሰውራ ዝስለፉ መንእሰያት እናበዝሑ ስርሒታት ሰውራ ድማ እናዛየደ ይኸይድ ነበረ።

ኣብ መፋርቕ 60ታት፡ ምንቅስቓስ ተጋደልቲ ካብ ምዕራባዊ መታሕት ሓሊፉ ናብ ከበሳታት ኤርትራን ናብቲ ስትራተጂያዊት ወደብ ምጽዋዕ እትርከበሉ ምብራቓዊ ጎልጉልን ኣስፋሕፍሐ። ተጋደልቲ ሳልሰይቲ ክፍሊ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ኣብ ከበሳታት፡ ተጋደልቲ ራብዓይቲ ክፍሊ ድማ ኣብ ምብራቓዊ ጎላጉል ክንቀሳቐሱን ንኣሽቱ ስርሒታት ክፍጽሙን ምስ ጀመሩ ሓደገኛነቱ ንገዛእቲ ኢትዮጵያ ዘያዳ እናሻቐሎም ከደ። ከም መልሰ ግብሪ ናይዚ፡ ኮማንድስን ጦር ሰራዊትን ተጋደልቲ ተራእዮም ኣብ ዝተባህልሉ ዓድታት ሰምሃርን ምዕራብ ሰራየን ብቐልጡፍ እናተንቀሳቐሱ ንደቂ ዓዲ ክኣስሩ፡ ከበሳብሱን ክርሽኑን፡ ‘ወንበዴታት (ተጋደልቲ) ተቐቢልኩም፡ መጊብኩም’ እናበሉ ንህዝቢ ክጋፍዑን ሰብኣውነቱን ክብረቱን ክግህሱን ተራእዩ። ህዝቢ ርዒዱ፡ ነቶም ኣካሉ ዝኾኑ ተጋደልቲ ከየዕቁብ ዝገብርዎ ዝነበሩ ምፍርራሕን ዝፍጽምዎ ዝነበሩ ግፍዒታት ግን ዝኾነ ለውጢ ኣየምጽኣን።